# ***ዋዕሮ ኤርትራ፥ ወ/ሮ ጉዐይ።***

ብደብረ

## ቀዳማይ ክፋል

ኣብ ፍራንክፈርት ጀርመን፡ ሓደ ኣገዳሲ ዝኾነ ናይ ደለይቲ ፍትሕ ናይ ይኣክል ኣኼባ ነይሩ። ኣብ'ዚ ኣኼባ እዚ ሓንቲ ወ/ሮ ጉዐይ ትበሃል ኤርትራዊት ኣደ ተሳቲፋ ነይራ። ወይዘሮ ጉዐይ፡ ምዕሩግ ክዳን ሃገር ሽፎን ምስ ነጸልኡ ተኸዲና ርእሳ ብወርቂ ተሰላሊማነበረት። ኣብቲ ዘለዋ ግርማሞገስ ተወሳኺ ግርማከኣ ኣልበሳ። ኣብ መድረኽ ወጺኣ ናይ ይኣክል ሜላእኽቲ ኣብ ዘመሓላለፈትሉ እዋን፡ እተን ካብ ኣፏ ይወጹ ዝነበሩ ቃላት ሓሲባ ተዳልያ ዘይኮነስ ትዛረቦምዝነበሩ ቃላት ካብ ማዕሙቕ ልቢ ዝፈልፈሉ፡ ፈንጢሖምዝወጹ 'ዮምነይሮም። እቶምቃላት፡ ቅንዕነኣን፣ ሓይሏን፣ ገርህነቷን የንጸባርቑ ነበሩ። ከምኡ ስለዝነበሩ ከኣ ይመስለኒ ናይ ብዙሓት ሰባት ቀልቢ ኣብ ዩ ቱዩብ ዝሰሓበት። ኣነ ብወገነይ ደጋጊመሰሚዐያ። ደጋጊመክሰምዓ ከለኹእዛ ናይ ሱዳን ***ኑብያን ንግስቲ*** ኢሎምዝሰመይዋ፡ ኣላኣ ሳላሓ ትበሃል፡ ነቲ ኣንጻር ፕረሲደንት ዖመር ኣልበሽር ዝግበር ዝነበረ ለውጢትምርሕ ዝነበረት ጓል ኣንስተይቲ እየ ዝዝኸር ዝነበርኩ። ልበይ ከኣ ብተስፋ ተመልአ። ንሕናም ደቂሰን ሃልየን እምበር ኣሽሓት ዋዕሮ ኤርትራውያን ኔራናን ኣለዋናን። ኣብዚ ቃልሲ ብንጥፈት ክቃለሳ ዝጸንሓ ንበዓል ኤልሳ ጭሩም፣ ሰላምኪዳነ፣ ኣበባ ተስፋገርጊሽ፣ ኣክቲቪስት ሳልዋ ኑር ወ.ዘ.ተ. እንቋዕ ሓጎሰክን፡ ሓንቲ ደፋር ሓያል ዋዕሮ ተሓዊሳትክን ክብለን እፈቱ። እቲ ዝነበረ ሃዋሁ ምኡእ ብምኡእ ክገልጾ ዝኽእል ኣይመስለንን። ወ/ሮ ጉዐይ ንዓኺ ዝገልጽ ክህሎት የብለይን። ግን ከኣ ናይ ዓቅመይ ክፍትን ኢለ እየ ዝጭሕትር ዘለኹ፡ ኣይትሓዝለይ።

ናብ ወ/ሮ ጉዐይ ክምለስ። ብሓንቲ ኢዳ ማይክራፎን በቲ ሓደ ኢዳ ሓንሳእ ወገቧ ደጊፋ፣ ሓንሳእ ናብቲ ሕዝቢ እንዳወናጨፈትን እንዳ ኣመልከተትን፣ ምኡእ ብምኡእ ገጺ ናብ ህዝቢ ጌራ፡ ***"ኣብ 'ዚ እርእየኩም ዘለኹ፥ ኣበይ ደኣ ኣለዎ ኣንስትኹም፣"*** ክትብል እያ ብሓያል ቃና ዘለዎ ዘሰንብድ ቃል ዘረበኣ ዝፈለመቶ። ዓይነ ተሳተፍቲ ብምኡእ ቋሕ ኢሎም ናብኣ ጠሚቶም፡ ገሊኦም ከኣ ሚስጢሮም ዘቃለሓትሎም ይመስል ኣፎም ከፊቶምነበሩ። ድሕሪ ምግራም፡ ምስንባድን ምዕዝምዛምን፡ ጣቂዒት 'ዩ ሲዒቡ። ሰላምኪዳነ ሓፍ ኮፍ ብዝመስል ምንቅስቃስ ንነዊሕ ጊዜ ኣጣቂዓ። "ኣንስትኹም ኣበይ ኣለዋ፧ ማሓዝትኩምኣበይ ኣለዋ፧ የዕርኽትኩምኣበይ ኣለዋ፧ ኩሉኹምየዕረኹት ኣለዋኹም፡ ***ብዘይ ሰበይቲ ዝሓድር ሰብኣይ የለን።"*** ክትብል ኢዳ ናብቶምተኣከብቲ እንዳመልከተት ነቲ ሓቂ ኣርጊጻ 'ያ ነጊራቶም፡ ብፍላይ ኣንስትኹምኣበይ ኣለዋ ትብል ሓረግ፡ ኣስማራትለን እያ። ኣግራሞት ናይ ተጋባእቲ ብምዕዝምዛምድምጺ ይስማዕ ነይሩ። ድሕሪኡ ጠርበሽበሽ ጣቕዒት ከኣ ሲዒቡ። ከምእቲ ኣብ እቲ ዩ ትዩብ ዝረአ ዝነበረ፡ ***ምልኣተ ጉባኤ*** ተኣከብቲ ምኡእ ኣይነበረን። ከምእቲ ዝድለ ተሳተፍቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣይነበራን። ኣብቲ ኣኼባ ዝነበሩ ዝበዝሑ ሰብኡትን መንእሰያት ኣወዳትን እዮምነይሮምማለት እዩ። ቀጸላ ሰፍ ዘይብል ዳንጉላ ሜላእኽቲ እያ ሰውኣቢላቶ። "ንኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣይትጽረፍዎ። ናቱ ይገብር ኣሎ፡ ስርሑ።" በለት ህድእ ኢላ። ኢሳይያስ ጥፍኣትእንተኮይኑ ስርሑ፡ ነጢፉ፣ ሰላሕኢሉ የጥፍእ ኣሎ። ንሕና ግን ናትና ኣይገበርናን፣ ደቂስና ጸኒሕናን ኣሎናን፡ ኣይነቅሓንናን ወይ ከኣ ፈሊጥና ኣስቂጥና ኣሎና፡ ዝብል ሜእክቲ ኣመሓላሊፋ። ህዝቢ፡ "ኣበይ ነይራ፧ በየን ደኣ በሪቃ፧" ዝብል ይመስል ኣብ ነንሕድሕዱ ምጥምማት ኣትዩ። ሰላምኪዳነ፡ ፊቷ በሪሁ ፍልቕልቕ ኢላ ብዘይምቁራጽ ተጣቒዕ ነይሩ።

ወ/ሮ ጉዐይ ድሕሪ ባይታኣ ብምግላጽ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሰለስተ ክፋል ከምተከፋፈለ ገሊጻ። ከምዚ ደቂ ኣስመራ ዝብልዎ ሓቀኛ ህዝቢ፣ ድጸናጸኖ ህዝብን ጸማም ህዝብን። ጸማም ህዝቢ ፈሊጡይኹን ከይፈለጠ ንስርዓት ኢሳይያስ ዝድግፍ፣ ድጸናጸኖ ህዝቢ ከኣ ካብትን ካብዝን ዘይብሉ ኣብ ጠልጠል ዘሎ ክኸውን ከሎ እቲ ሓቀኛ ህዝቢ ዝበሃል ከኣ ነገራት ብስሩ ዝተረድኦን ሓገር ገዲፉ ዝተሰደን እዩ። ንሳ ኣብ ዝሓለፈ ታሪኻ ኣብቶም ጸማማትን ድጸናጸኖም መደብ እያ ኣቀሚጣታ። እሷ፡ "ኣነ ንባዕለይ ደጋፊት ኣይነበርኩን፡ ተቃዋሚትምኣይነበርኩን። መንግስተይ ኣሚነ ግን እነብር ነይረ። ንምንታይ ኤርትራዊት እየ።" ትብል። ኤርትራዊት ብምኳና ዘይቅየር ትማሊ፣ ሎሚን ጽባሕን ሕብንቲ 'ያ። ኤርትራዊት ብምኳና ስኽፍ ዝብላ ነገር የብላን።

ብዙሕ ህዝቢ ንመንግስቱ ብፍላይ ከኣ ኣብ ኢሳይያስ ኣብ ማእኮታዊ ደረጃ ዝበጽሐ እምነት ስለዘሕደረ እዩ ነይሩ እቲ ጌጋ። ህዝቢ ከም ወ/ሮ ጉዐይ ብምእማኑ ከም ጸማም ተሓሲቡ። ወ/ሮ ጉዐይ ኣሚና ኩሉ

ሃገራዊ ጉዳያት ንመንግስቲ ገዲፉ ኣብ ናብራኣ ኣተኪራ ኣብ ምዕባይ ደቃ ተዋፊራ። ክንዲ ፍረ ኣድሪ ትኾን እውን ምጥርጣር ኣይነበራን። ናታ ዝኾነ መንግስቲ ኣብ ዓዲ ከሎመን ከምዚ ሕጂ ተረኺቡ ዘሎ ሕማቕ ክገብር ኢሉ ክጥርጥር ይኽእል። እቶም መሪሕቲ የሕዋትካን ደቅኻን ከመይ ኢሉ ይጠርጠር። "ዝእመን ካዮ ኣይጥለምካ" ይብሉ ኣበው። "ከምህዝበይ ኣድሚጸ፣ ዓድዓረብነይረ። ድሕሪኡ ኣብዚ ኣብ ጀርመን መጺኤ ከኣ ኣብ ደቀይ ምዕባይ ነይረ። እንታይ ይስራሕ ኣሎ፡ እንታይ ይግበር ኣሎ፡ ዓደይ እንታይ ትኸውን ኣላ ኣነ ኣይፈልጥን እየ ነይረ።" እያ ኢላ ገርሂ ልቢ ወ/ሮ ጉዐይ። ከምተጠልመት ኣረጋጊጻ።

ሕጂ ደኣ ብምንታይ ካብ ድቃሳ ተበራበረት፣ ዲሓራ ከምዝገለጸቶ ምምጻእ ዶ/ር ኣብይ ኣብ ኢትዮጵያ ብዙሕ ነገር እዩ ኣግሂዱ። ምብጽጻሕ ኢሳይያስን ኣብይን ኣብ ኣስመራን ኣብ ኣዲስ ኣበባን፡ ኢሳይያስ ኣብ ክሊቲኡ ህሞት ደጋጊሙ ኣብ ዝገበሮ መደረ ***"ኢይከሰርናን፡ ገንዘብና ተመሊሱልና ኣሎ"*** ዝብል ወ/ሮ ጉዐይ ኣይተቀበለቶን። ካብ ድቃሳ ከኣ ኣበራቢርዋ። ነቲ ዝነበረቶ ህሞት፡ ***"ሓፍ (ሰፍ) ዘይብል እምነ ኣብ ርእሰይ ጸኒሑኒ።"*** ክትብል እያ ገሊጻቶ። ሚይ ኣብ እምኒ እንተኣፍሲስካዮ ወይ ነጢፉ ይምለስ ወይ ከኣ ኮለል ኮለል ኢሉ ብላዕሊ ላዕሊ እዩ ዝፈስስ እምበር ኣብ'ቲ ውሽጢ እምኒ ዘሪቑ ኣያትን'ዩ። ወ/ሮ ጉዐይ ሽዑ እቲ ዝሓለፈ እዋን ዝነበረ ሃዋሁባዕ ኢሉ ግልጺ ኮይኑ ተራኢዋ። ምስምስ ዶባዊ ውግዕ ሓሶት ምኻኑ በሪሁላ።

ብምስምስ ውግእ ከምኡ እውን ካብኡ ብዝቀጸለ ኣይሰላምን ኣይኩናትን ሃዋሁ፡ ዝሃለቀ ሰብ፣ ዝተማዛበለ ህዝቢ፣ ዝጠፍአ ንብረት፣ ዝዓነወ ትሕተቅርጺ፣ ዝለማሰ ዓቅሚ ሰብ እንዳሃለወ እዚ ብከመይ ተረሲዑ 'ዩ፡ ኢሳይያስ ዓውኢሉ ***"ኣብ ዝሓለፈ 25 ዓመታት ዋላ ሓንቲ ኢይከሰርና"*** ክብል ደረቱ ገቲሩ መዲሩ፤ ከመይ ኢሉ ነፍሱ ጌርሉ፤ እቲ ሜላ እኽቲ ብግልጺ ንኢትዮጵያውያን "ናይ እንቋዕ ሓጎሰኩም" ሜላ እኽቲ እዩ ነይሩ። ከምዘረባ ኢሳይያስ ኤርትራ ኣብዘን ዝሓለፋ 25 ዓመታት ነብሳ ክትኽላኸል ኣብዘይትኽእለሉ ደረጃ ኣብጺሒያ ኣለኹም፡ "ሃየ ዶ/ር ኣብይ ዝተረፈ ዕማምና ባኹምገ ዲፈዮ ኣለኹ።" ዝብል ነይሩ።

ንምኻኑ ንወ/ሮ ጉዐይ እንታይ ዓይነት እምኒ እዩ ጸቂጥዋ ነይሩ፤ ክሕደት ኢሳይያስ ሚፈረካከሲ ማሳ ኮይንዋ። ሓሲባቶ ዘይትፈልጥ ክሕደት ኢሳይያስ ካብ ዝነበረቶ ድቃስ ኣበራቢርዋ። ነቲ ኣብ ርእሲ ወ/ሮ ጉዐይ ዝጸንሐ ዝፈረካክስ ዓቢ ሰፍ ዘይብል ማሳ የድልየካ። እቲ ክሕደት ማሳ ኮይኑ ኣብ ርእሳ ዝጸንሐ ዓቢ እምኒ ፈረካኪስላ። ሰብ ብፍላይ ከኣ ስዋኣት ካብ ገንዘብ ፎኺሶምሪኣቶ። ገንዘብ ሊዕሊ ኤርትራዊ ከቢሩ። እቲ ገንዘብሲ ተማሊሱ እቶም ስዋኣት ከ፤ እቶም ኣፈቀዶ በረኻ ንቡር ቀብሪ ዘይረኸቡን ድራር ባሕሪ ዝኾኑ ኤርትራውያን ከ፤ እዚ ክሕደት ንወ/ሮ ጉዐይ ኣይተዋሓጠላን። ከምዋዕሮ ነብሪ ኣንጢፉ ኣተሲእዋ። ስዋኣት የሕዋተይ ንቅድሚት፡ ንብረት ባዕሉ ይፈልጥ ኢላ ነዲራ ተሲኣ።

ካልኣይ ክፋል ይቅጽል

ደብረ